# ሓደ ዓርኪ
# ኣብቲ መንገዲ



TIGRINYA

# ሓደ ዓርኪ ኣብቲ መንገዲ

ኣብዛ መጽሓፍ፡ ካብ ሃገሩ ዝተሰደ ቆልዓን እቲ ቆልዓ ኣብ መንገዱ ዝረኸቦ ለባም ኣረነን ክትረክብ ኢኻ።

ኣብዚ መጽሓፍ ብዛዕባ ናይ ገዛእ ርእስኻ መንገዲ ንናብዚ ሕጂ ዘለኻዮ። ክትስእል ወይ ክትጽሕፍ ትኽእል ኢኻ። እዛ መጽሓፍ ናትካ እያ።



ሓደ መዓልቲ ትስእ ምስ በልኩ ኩሉ ተቐያይሩ ነበረ።.
ናብ ካልእ ሃገር ክኸይድ ከም ዘለኒ ተነግረኒ።
ናብ ሓንቲ ንዓይ ዝያዳ ውሕስነት ዝረኽበላ ሃገር።



ሰላም ንዓኻ ይኹን! እንታይ ድኣ ዝሓዘንካ ትመስል፡ ጸገም ኣሎ ድዩ?
ይብል እቲ ኣረነ።

ካብ ሃገረይን ካብ ዝፈልጦ ኩሉን ርሒቐ
እኽይድ ኣሎኹ ክብል እቲ ቆልዓ መለሰ።

ምሕዛንካ ክርደኣኒ ይኽእል እዩ፡ ኣነ ውን ተጓዓዛይ
እየ፡ እሞ ብሓደ ዶ ንኺድ ክብል ኣረነ ይሓትት።



ሕጂ ገለ ግዜያት ሓሊፉ ኣሎ ኣብ ውሑስ ቦታ ከኣ እየ ዘሎኹ። ግን ሕጂ እውን እንተኾነ ገና ብውሽጠይ ጓሂ ክስመዓኒስ ይኽእል እዩ።

ንዓይ ዘሕስቡኒ...

ስድራይ

የዕሩኽተይ

መጻወቲታተይ

ከልበይ



ካብ ቅድሚ ሕጂ ንላዕሊ እነብዕ። ድቃስ ይኣብየኒ፡ ሓደ ሓደ ግዜ ድማ ምስ ዓቢ ሰብ ክኸውን ጥራሕእየ ዝደሊ፡



ኣብ ገለ እዋን ክጻወት ከለኹ ዝተጓነፈ ኩሉ ጨሪሽ እርሰዖ፡



ኣብ ከባቢየይ ብዙሕ ነገራት እዩ ዝፍጸም ዘሎ። ብዙሕ ክመሃሮ ዝግበኣኒ ስለ ዘሎ ርእሰይ ሕቶታት መሊኡ ኣሎ።

ክርድኣኒ ይኽእል እዩ። ብዛዕባኡ ስለ ዝነገርካኒ ከምዝመስለኒ ንስኻ ተባዕ ኢኻ። ካልኦት ከማኻ ዝኣመሰሉቆልዑቅድምሕጂ ተራኺብ እየ ንሳቶም ድማ ልክዕ ከምዚ ናትካ ይነግሩኒ እዮም።



ሕጂ ጥራሕ ስማዕ ...
እዚ ምፍላጥ ጽቡቕ ክኸውን ይኽእል እዩ፧




ሓደ ነገር ኣዝዩ ኣገዳሲ ክትርድኦ ዘለካ ኣሎ ንሱ ድማ ተገዲድኩም ናብ ስደት ምምራሕኩም ናትካ ጌጋ ከምዘይኮነ እዩ።

## ጠንቂ ወይ ምኽንያት ምስዳድካ እንታይ ከም ዝነበረ ትፈልጥ ዲኻ?

1. ብዙሓት ቆልዑ ኣብ ሃገሮም ኲናት ስለዘሎ ክሃድሙ (ክስደዱ) ይግደዱ። ካልኦት ቆልዑ ከኣ ወይ ብሰንኪ...ድኽነት ወይ ብሰንኪ ተፈጥሮኣዊ ሓደጋታት ይሃድሙ (ይስደዱ)።



**2.** ኣብ ህድማን ስደትን ዝጸንሐ ቆልዓ እዚ ዝስዕብ ከርኢ ፍጹም ንቡር እዩ....




ጓሂ ይስምዖ



ቀልጢፉ ይሓርቕ




ይፈርሕ



fስንባደ የርኢ

እዚ ዝስዕብ እንተድኣ ኣጓኒፉካ ውን ፍጹም ንቡር እዩ ንሱ ድማ፡

- ድቃስ ምስ ዝኣብየካ
- ምስ ዝከናኸነካ ዓቢ ሰብ ክትቀርብ ምድላይካ
- መብዛሕትኡ ግዜ ዘይትገብሮ ዝነበርካ ነገራት ምግባር
- ቀደም ትደልዮምን ትብህጎምን ዝነበርካ ነገራት፡ ምስ ዘይትደልዮምን ምስ ዘይትብህጎምን



**3.** ብዙሓት ቈልዑ ጽቡቕ ዝስመዖም እንተድኣ...

- ከመይ ከም ዝስምዖም ንሓደ ዓቢ ሰብ ምስ ዝነግሩ።

- ፒንሃገሮም ዝሕግዙ ዝፍትኑ ብዙሓት ከምዘለዉ ክሓስቡ ከለዉ።.

- ንሳቶም ዝኽእልዎ ዘበለ ኩሉ ንኻልኦት ክሕግዙ ከለዉ።

- ንኣካላትና ዘህድኡ ነገራት ከም ኣዕሚቕካ ንውሽጢ ምትንፋስን ቀስ ኢልካ እቲ ትንፋስ ንደገ ምውጻእንዝኣመሰሉ ነገራት ምስ ዝገብሩ።

- ምጽዋትን ምሂዝካ ክእለትካ ምጥቃምን።



ሹስስ ከይሰምዑና እሞ.. ገለ ኣሎ ዘርእየካ ።

ብኢድካ ንሓንቲ ዓይንኻ እንተ ዓሚትካ፡ ካልኣት ክርእይዎ ዘይክእሉ ነገራት ክትርኢ ትኽእል ትኸውን።



ኣብ ዝቕጽሉ ገጻት ዛንታኻ ክትጽሕፍ ወይ ክትስእል ትኽእል ኢኻ።

ነቶም ከዋኽብቲ ሕብሪ ቕብኣዮም እሞ ዘጨንቐካ ወይ ዘሰክፈካ ኣርእይ።

- ☆ ኣብ ካልእ ሃገር ናብ መውዓል ቆልዑ/ቤት ትምህርቲ ምኻድ
- ☆ ሓደገኛ ነገር እኳ የጋጥመኒ
- ☆ ኣብ ልዕሊ እቶም ዝግደሰሎም ሰባት ገለ ነገር እኳ የጋጥሞም
- ☆ መንበር ገዛ ወይ ቦታ ዘይብለይ
- ☆ ኣብ ዓደይ እንታይ ይፍጸም ኮን ይህሉ።



ካልእ ዘስክፈካ ወይ ዘጨንቐካ እንተሃልዩ ኣብዚ ክትጽሕፍ ወይ ክትስእል ትኽእልኢኻ፡

ዘክር፦ ኩሉ ግዜ ዘተሓሳስበካ ወይ ዘጨንቐካ ነገር
ምስ ዝህሉ ንሓደ ዓቢ ሰብ ኣካፍል።

ንዝኾነ ነገር ሕቶታት ምስ ዝህልወካ ኣብዚ ክትጽሕፍ ወይ ክትስእል ትኽእል ኢኻ፡

ሕቶታትካ እተቕርቦ ነቲ ምሳኻ ዘሎ ዓቢ ሰብ ምኳኑ ዘክር።

ኣብዚ ካብቲ ዝመጻእካሉ ቦታ ብዛዕባ እቶም ዝያዳ እትዝክሮም ነገራት ክትጽሕፍ ወይ ክትስእል ትኽእል ኢኻ፡

ኣብ ዓድኻ ከለኻ ብዝያዳ እትፈትዎም ነገራት ኣብዚ ክትጽሕፍ ወይ ክትስእል ትኽእል ኢኻ፡

ሕጂ ኣብዚ እዋን ብዝያዳ ካብ ዘሐጉሰካ ነገር ኣብዚ ክትጽሕፍ ወይ ክትስእል ትኽእል ኢኻ፡

ኣብዚ ብዛዕባ ሓደ ሓያል ወይ ብርቱዕ ኮይንካ ንኽስመዓካ ካብ ዝገበረ ኩነታት ክትጽሕፍ ወይ ክትስእል ትኽእልኢኻ፡

ኣብዚ ብዛዕባ ተባዕ ኮይኑ ካብ ዝተሰምዓካ ኩነታት ክትጽሕፍ ወይ ክትስእል ትኽእል ኢኻ፡

ኣብዚ ዝደለኻዮ ቃሕ ዝበለካ ነገር ክትጽሕፍ ወይ ክትስእል ትኽእል ኢኻ፡

# ሓደ ዓርኪ ኣብቲ መንገዲ

ደረስቲ:
Anne Lomholt Lei Hansen,
Patricia Jytte Salinas
Sofie Boje Groth

ኣሕታሚ:
Røde Kors Asyl Sandholmgårdsvej 40
3460 Birkerød www.Rodekors.dk

ስእላዊ መግለጺታት፡ Pauline Drasbæk
ምምሕዳር እና ኣትሰርቲ: Alinea+
ግራፊክ ዲዛይን: Grethe Bruun

መሰል ቅዳሕ፡
Røde Kors
Copying only permitted in accordance with Copy-Dan rules

ISBN: 9788723565105

MIX
Papir | Støtter ansvarligt skovbrug
FSC® C022933

ብሓገዝ ኤግሞንት ፋውንዴሽን ዝተዳለወ the Egmont Foundation.

“ሓደ መዓልቲ ትስእ ምስ በልኩ ኩሉ ተቐያይሩ ነበረ።. ናብ ካልእ ሃገር ክኸይድ ከም ዘለኒ ተነግረኒ። ናብ ሓንቲ ንዓይ ዝያዳ ውሕስነት ዝረኽበላ ሃገር።”

እዛ መጽሓፍ ብዛዕባ ሓደ ካብ ሃገሩ ዝሃደመ /ዝተሰደ ቆልዓ እያ። እዛ መጽሓፍ ንቡር ስነ-ኣእምሮኣዊ ግብረ-መልሲምህዳም/ምስዳድ ትገልጽን ቆልዑ እዚ ግብረ-መልሲ እንተ ኣጋጢምዎም እንታይ ክገብሩ ከምዘለዎምሓጋዚትክትኸውን ከም እትኽእል ሓሳባት ትህብ። ኣብታ መጽሓፍ፡ እቶም ቆልዑ’ውን እንተኾነ ትበዓትን ሓያልነትን ዝተሰምዖም ዛንታታትን ኩነታትን ናይ ገዛእ ርእሶም ክጽሕፉ ወይ ክስእሉ ይተባብዑ። እዛ መጽሓፍ ብፍላይ ካብ 5 ክሳብ 12 ዓመት ዝዕድሚኦም ቆልዑ ዝምችእ ኮይኑ፡ ብዓውታ ክንበብከኣ ጽቡቕእዩ።

RØDE KORS

EGMONT Fonden